ከረን 27/01/05

ናብ
ዝከበርኩም
ቀመሳትን ሓለፍቲ ቤተ ጸሎታትን
ገዳማውያንን ገዳማውያትን
ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን፡ ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎትና ይሕግዙና ዝበሎም መምርሒታት፡ ከከም ኣድላይነቱ ከመሓላልፉ ጸኒሑ።
በዚ ብቊጽሪ 4 ዝፍለጥ መምርሒ ከኣ ነዚ ዝስዕብ መምርሒታት ከመሓላልፈልኩም እፈቱ።

I- <u>መንበረ ታቦት ብዝምልከት፡</u>
- መንበረታቦት እንብሎ፡ ኣብ ጊዜ ጸሎት መሥዋዕተ ቅዳሴ እነዕርገሉ፡ ካብ ጊዜ ቅዳሴ ወጻኢ ከኣ ቅ.ቊርባን ዝቅመጦ ናይቲ ሕንፃ ቤተ ክርስትያንና ቅድስተ ቅዱሳን እዩ።
- እዚ ቦታ እዚ፡ ግቡእ ከበሬታን፡ ጥንቁቅ ኣተሓሕዛን ዘድልዮ ምኳኑ ምንጋር ዘድሊ ኣይኮነን፡ እንተኮነ ኣብ ዕለታዊ ኣተሓሕዛና ንሓድሓደ ነገራት ሥርዓት ክነትሕዞ ግድነት ኮይኑ ይርከብ ኣሎ፤ ሽለልትነትን ዘይምግዳስን ከኣ እናበዝሔ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ነዚ ዝክተል መምርሒ ተግባራዊ ኪከውን ሓደራ እብል።

ሀ. ኣብ ጊዜ ጸሎት፡
1. ዝኮነ ምእመን፡ ብቅድሚ መንበረ ታቦት ኪሓልፍ ከሎ፡ ብሥርዓት ቈይሙ፡ ብግቡእ ተላቢሱ፡ ስግደት ኪገብር፡፡ ብፍላይ ካህናትን መማህራን ት/ክርስቶስን፡ ንሕዝቢ ንማሕበር መንእሰያት፡ ንመ- መርያ ቊርባን ዝገብሩ ሕጻናት፡ ብግቡእ ከምህርዎምን ብግብሪ ኬርእይዎምን፡
2. ኣብ ጊዜ ቅዳሴ፡ ብብፍሉይ መንፈሳውነት ክዋስኡ፡ ብፍላይ ቅ.ቊርባን ኣብ ዝዕደለሉ ጊዜ ከኣ፡ ግቡእ ኣክብሮት ኬርእዩ ምምሃር፡
3. ቅ.ቊርባን ናብ ሕሙማት እንኪውሰድ፡ ካህን ግቡእ ኣተሓሕዛ ብምግባር፡ ቅ.ቊርባን ሒዙ ከምዘሎ ፍሉይ ምልክት ኪገብር። ንኣብነት ካብ ልብሲ፡ ምጥኣት (ናይ ቅድሚት እስቶላ) ገይሩ ድያቆን ኣኪቲሉ ኪከይድ፡ ኣብ መንገዲ ጎፍ ዝበሎ ምእመን ቆይሙ፡ ሰጊዱ፡ ክሕልፎ እንተክኣለ ኬሰንዮ፡ እዚ ኣገባብ እዚ ብማኪና ይኩን ብቱግቱግ እውን ዝከይድ እንተኮይኑ፡
ኣብ ቅ.ቊርባን ተቀሚጥዎ ዘሎ መንበረ ታቦት ዝበርህ ቀንደል ብቀጻሊ ከምዝበርህ ምግባር፡
4. ቃል ኪዳን ኣብ ዝግበረሉ ጊዜ፡
- ቆመስ ንመርዓውቲ ዝከውን ቦታ ክሰናድው ከምዘለዎ፡

- ሰኣልቲ ኮኑ፣ ቪድዮ ዘልዕሉ ፍሉይ ቀዋሚ ቦታ ኪውሰነሎም፣ ነዚ ንምትግባር ቆመስ ምስ ሽማግለ ቤተክርስትያን ጽኑዕ ምክትታል ኪገብሩ።

ስለ፣ ኣብ ጊዜ ቃል ኪዳን፣ እዚ ዝስዕብ ጥብቂ መምርሒ ንሕዝቢ፣ ብፍላይ ከኣ ንኪዳን ዝገብሩ ቅድሚ ጊዜ ክንገርም ኣለዎ፣

- ❖ ሰኣልቲ ኮኑ ቪድዮ ዘልዕሉ፣ ክርስትያን ክኮኑ ከም ዝግባእ፣ ድሕሪ ቅዳሴ ምዝዛም፣ መጋረጃ መንበረታቦት ይዕጾ፣ ካብ መጋረጃ ንንየው ሓሊፍካ፣ ዝኮነ ይኩን ሥእሊ ኣይፍቀድን።
- ❖ ኣዕሩክ መርዓት ኮኑ ናይ መርዓዊ፣ ኣብ ጊዜ ቃልኪዳን ክርስትያን ጥራሕ ቤተ ክርስትያን ኪኣቱ ይፍቀደሎም።
- ❖ ኣዕሩክ መርዓት ንቤተ ክርስትያን ዝበቅዕ ንባህልና ዘክብር ኣከዳድና ክጥቀማ ከምዘለወን፣

5. ነፍስወከፍ መንበረ ታቦት ብመጋረጃ ዝጋረድ ኪከውን ኣለዎ፡፡

- ❖ መጋረጃ መንበረታቦት ድሕሪ ቅዳሴ ኮነ ካልእ ጸሎታት ክዕጾ ከምዘለዎ፣
- ❖ ኣብ ጊዜ ዋዜማ ዝግበረሉ መጋረጃ መንበረታቦት ክክፈት የብሉን።
- ❖ ጥምቀት ብዝምልከት፣

- ነፍስወከፍ ጥምቀት ሓታቲ ሥድራቤት፣ እንተወሓደ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ክሕብር ኣሎዎ።
- ኣብ ዝሕብረሉ ጊዜ
    - i) ቈጸራ ዕለተ ጥምቀት ይሕዝ
    - ii) ስም ተጠማቂ የመዝግብ፣ ካህን ነቲ ዝወሃብ ስም ርእዩ ስመ ክርስትና ወሲኩ ሻቡ ክሕብሮም ይግባእ፣
    - iii) ኣቦ/እኖ ጥምቀት ናይ ዝከውን ስምን ኩነትን ክሕብሩ።
    - iv) ካህን ንወለድን፣ ኣቦ/እኖ ጥምቀትን እንተወሓደ፣ ቅድሚ ጥምቀት ሓደ መዓልቲ ቈጺሩ፣ ብዛዕባ ትርጉም ጥምቀትን፣ ሓላፍነት ወለድን፣ እኖ/ኣቦ ጥምቀትን ኣስተምህሮ ክህብ ትሑዝ እዩ። እኖ ጥምቀት ክከውን ዝክእል ብመሠረት ሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ቍ. 685፣ ካቶሊክ ጥራሕ እዩ። ካልኦት ምስቲ ካቶሊክ ተጸጊዖም፣ ምስክር ጥምቀት ጥራሕ ኪኮኑ ኪፍቀደሎም ይከኣል።
    - v) ኣቦ/እኖ ጥምቀት ክከውን ዝክእል፣
        - ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ክከውን ኣለዎ። ኣቦ/እኖ ጥምቀት ካብቲ ሕጻን ዝጥመቀሉ ቍምስና እንተዘይኮይኑ፣ ናይ ቆመሱ ኣቦ/እኖ ጥምቀት ክከውን ዘክእል መሰነይታ ወረቀት ከቅርብ ኣለዎ።
        - እምነቱ ዝነብር፣ ነቲ ዝጥመቅ ሕጻን፣ ክርስትያናዊ ሕይወቱ ንምንባር ዝሕግዝን መንገዲ ዘርእን ኣርኣያ ዝህብን ኪከውን ይግባእ፣
        - በዓል ኪዳን እንተኮነ ኪዳኑ ዝነብሮ (ሰበር ዘይኮነ)

- ዘይተወገዘ ወይ ዘይተከልከለ፡ (not be excommunicated suspended or deprived of the rights of carrying out the function as sponsor (§ 1)
- ናይቲ ሕጻን ወላዲ/ወላዲት - ኣቦ/እኖ ጥምቀት ኪኮኑ ኣይክኣልን፡
- ኣቦ/እኖ ጥምቀት ኪከውን ዝተሓስበ ብኣካል ክርከብ ኣለዎ፡ ብገለ ርዱእ ምክንያት ኣብ ጊዜ ጥምቀት ምስ ዘይርከብ፡ እቲ ጥምቀት ከም ዝተገብረ ሓደ ምስክር ክግበር ኣለዎ፡ (ቀኖና. 688)

III. ብዛዕባ ቤተ ጸሎታት ዝርኢ፡

- ሓድሽ ቤተ ጸሎት ንምክፋት ብፍቃድ መንበር ጥራሕ ይከውን
- ብዘይካቶም ብልማድ ዓመታዊ ክብረ በዓል ኪገብሩ ዝጸንሑ ቤተ ጸሎታት፡ ካልኦት ጉዳዮም ብመንበር ተራእዩ፡ ምስዝፍቀዶም ጥራሕ ንግደት ኪገብሩ ይከኣል፡፡ ብመሰረቱ ቤተ ጸሎት ንግደት ናይ ምግባር መሰል የብለሉን፡

ዝከበርኩም ምእመናን፡ እዚ መምርሒታት እዚ፡ ንክብሪ ኣምልኮናን፡ ቤተ ክርስትያናን ስለዝኮነ፡ ተረዲእኩም፡ ብግቡእ ክትመላለሱን፡ ክትእዘዙን ኣክቢደ ሓደራ እብል። ዘበና ከምዚ እንተገበርና “እንታይ ኣለዎ” ብዝብል ዘይእምነታዊ ኣተሓሳስባ ተዓብሊሉ፡ ኣቦታናን ኣደታትናን ዘጽንሑልና ቅዱሳት ልማዳት ገዲፍና ንርከብ ስለዘሎና፡ ኣካያይዳና ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ኣንፈቱ ስሒቱ ከይህሉ ብምፍራህ፡ ብንስሓ ንመላለስ።
ነዚ ንምትግባር መንፈስ ቅዱስ የብርሃልኩም እብል።

ከረን ብበዓለ ----------------------------------------
ተዋህበ፡

እዚ መምርሒ እዚ ካብ ዕለት --------------- - ሚኑ ተግባራዊ ይከውን።

---

\+ ኣባ ኪዳነ
ብጸጋ እግዚ<u>ር</u>ን ብሥምረት መንበረ ጴጥሮስን
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን